# ክንዲ ኩሉ

ሓደ ክንዲ ኹሉ ሓውርያ ዓዲ
ዘንጊ ሓቂ ሰባሪ ሰርዲ
ሽምዓ ህዝቢ እናበርሀ ዝነድድ
ማዓዝ በልና 'ም ጨካንካ ትኸይድ
ፃሓይና ኣብ ምብራቓ
ብርሃንና ኣብ ምድማቓ
ከይመለአቶ ስሒቓ
ናበይ ወሰደትካ ኣርሒቓ?
እንታይ ተረኺበ ሃንደበት
ድንገት ዝወሰደካ ቅፅበት
ኣቐይምናካ ዶና እንታይ እዩ ትምስጢር
ከድኩ ዘይብሉ መገሻ ዝበልካ ዕዝር

ኣንታ ድሙቕ ብረሃን ኮኾብ ፅባሕ
ከርተት ዝበልካ ህዝብኻ ክርባሕ።
ቀንዴል ሽምዓህገር ጥወፍ ዝበርህ

ኮኾብ ሰብኣሰገር መንገዲ ዝመርሕ

መንኮርኮር ሰማያት ኣትራኖስ ዝፍንፅሕ

ናበይ ሸተት በልካ ቁርብ ከይትፅንሕ

ደቂ ሃገረ ጋና ኣለኩም ዶ ኑዛዘ

ተውሰያ ናይ ኣታማይልስ ትምስጢር ዝሓዘ

ደቂ ታንዛንያ እንታይ በለኩም ጃካያ

እንታይ እዩ ብልሓቱ ይንገረና ዝራኣያ።

ወረ እንታይ እዩ ጉዱ እንታይ 'ዩ ማዓቱ?

ተሪር ዓረ ሓፂን ዘምከነ ፅንዓቱ፡

ሰቕ ያ ሰቕ ዶ ኾይኑ ከሳብ ዝኣከል ሳዓቱ?

ኮስኩሱ ድማ ይብሉና ጭኽሮና ወሲዶም ልዓቱ።

ምእንተ 'ታ መጎስ ትሕለፍያ 'ታ ኣንጭዋ፡

ደኾን ኢላ 'ታ ለባም ማርያም ደብረቺ ዓድዋ፡

ልቢ ኣዕብያ እምበር እህህህ ኣለዋ 'ዛ ፅዋ፡

ነገር ሎሚ ግን ማ ልተ ኣለዋ

ኣንታ መለስ፡ ተሪር ዶ ኣይነበርካን ተሪር ዓረ ሓፂን

ድሕረት ታባ ዕቡያት ብንቕሓት እተማሰን

እንታይ ረኸበልና ሎሚ ነቲ ባዓል ኣዞ

ናብ ዘፍቅሮ ህዝቡ ንኸይምለስ ዝሓዞ

ኣየ....! ኣያ ሞት

ዘይትተርፍ ኣብህሞት።

ግን ዳሓን..! ግን ዳሓን ቅሰነልናሊላይ

ቀይሰካ ኣርኢኻና ኢኻ 'ትምግባረ ሰናይ

እንተኾነ ሓቢርና ናዓናይ

እንተ ኣቕቢፅካ ግን ውጥንካ'ሎ ኣባዳይ።

ብፅንዓት ምርጋፅ ኣብ ሓቀኛ መትከል

ድኽነትና ክብርቆቕ ካብ ሱሩ ክንቀል

ሓድነትና ክጥንክር ኣብ ብራኽ ክሰቀል

ኢድንኢድ ተታሓሒዝና 'ሎና ኣሰርካ ንኽተል።

ሰኽፍ ኣይበልካ እንታይ ዝኾን ሰኽፍታ

መስኪራትልካ እያ ዓለም ብምልእታ።

ኣእላፍ መለሳት ኣሎና ኣብቲ ተርታ

ይብሉ ኣለዉ መንእሰያት ሃገርካ ብዓውታ።

ስምዓኒ ኣሓተይ ስምዓኒ ኣዴታተይ

ስምዑኒ ኣሕዋተይ ስምዑኒ ኣቦታተይ

ደጊም ይኣክል እንታይ ዝኾን ንብዓት

ንቕፅል ናብቲ መገዲ ልምዓት

ሬድዋን ኑሩሕሴን/ለንደን/